# መላለዩ ምስ ሕብረተሰብ

## - ንዓኻ ኣብ ሽወደን ሓድሽ ዝኾንካ

**መላለዩ ምስ ሕብረተሰብ፤ ብዛዕባ ሕብረተሰብ ሽወደን ንዓኻ ኣብ ሽወደን ሓድሽ ዝኾንካ ዚወሃብ ትምህርቲ እዩ። ብዛዕባ መሰላትካን ግዴታትካን ፍልጠት ክትረክብ ኢኻ። ብዛዕባ ዴሞክራሲን ብዛዕባ ኣቀዋውማ ሕብረትሰብ ሽወደንን ውን ክትመሃር ኢኻ። እዚ ትምህርትዚ ኣገዳሲ ሓበሬታት ክህበካ እዩ - ንናይ ሽወደን ህይወትካ ጽቡቕ መጀመሪ ዝኾነካ እዩ!**

እዚ ብዛዕባ ኣብ መዓልታዊ ህይወትካ ዘጋጥሙኻ ሕቶታት፤ ከም ንኣብነት ብዛዕባ ስራሕ፡ ትምህርቲ፡ መቐመጢ ገዛ፤ ሓለዋ-ጥዕናን ክንክን-ሕማምን ከምኡውን ስድራቤትን ዚምልከት እዩ። እቲ ትምህርቲ ብቛንቋኻ ወይ ብኻልእ ንስኻ እትመልኮ ቋንቋ እዩ ዚወሃበካ። ክትሰምዕ ኢኻ፤ ክትሓትት ኢኻ፤ ክትዛተ ኢኻ። እዚ ትምህርቲዚ ብነጻ ይወሃበካ!

### ትሕዝቶ ትምህርቲ

ኣብዚ ትምህርቲ 8 ቴማታት ይጠቓለል።

- ናብ ሽወደን ምምጻእ
- ኣብ ሽወደን ምቕማጥ
- ነብስኻ ምኽኣልን ምምዕባልን ኣብ ሽወደን
- ግለሰብኣዊ መሰላትካን ግዴታትካን
- ሓዳር ምምስራትን ኣብ ሽወደን ምስ ቆልዑ ምንባርን
- ኣብ ሽወደን ብኸመይ ከም ትጸሉ
- ኣብ ሽወደን ብኸመይ ጥዕናኻ ከም ትሕሉ
- ኣብ ሽወደን ምሽምጋል

### መን ክመሃር ይፍቀደሉ?

እዚ መላለዩ ምስ ሕብረተሰብ ዚብል ትምህርቲ፤ ንዓኻ ዕድሜኻ ካብ 18 ክሳብ 64 ዝኾነን ኣብ ሽወደን ሕድሽ ዝኾንካን ከምኡውን

- እግሪመትከሊ-መደብ ዘውጻእካ
- ወይውን ብስድራቤታዊ ምትእስሳር ዝመጻእካ እዩ። (ንመጀመሪታ ግዜ ኣብ ሓደ ኮሙን ብድሕሪ 1 ጉንበት 2013 ዝተመዝገብካን እዩ።)

መላለዩ ምስ ሕብረትሰብ ንኽመሃሩ ዘይፍቀደሎም፡-

- ዜጋታት EES-ሃገራትን ደቂ ስዊዘርላንድን
- ተመሃሮ 2ይ ደረጃ ቤትትምህርቲ/ጂምናስዩም
- ብስራሕ ናብ ሽወደን ዝመጹ
- ንትምህርቲ ፍቓድ ዝተዋህቦምን/ ኣጋይሽ ስነ-ምርምርን

### ምልከታ ምእታው

ምሳና ርክብ ብምግባር ክተመልክት ትኽእል።

ቴሌፎን: 0413-281 59 (Gull-Britt Persson, Integrationskoordinator/Ansvarar för modermålsenheten)

ኤ-ፖስት: gull-britt.persson@hoor.se
ኣድራሻ ኢንተርነት:
hoor.se/samhallsorientering

ብዛዕባ እቲ ትምህርቲውን ገለ ሕቶታት ምስ ዚህልወካ ውንም ምሳና ርክብ ግበር።

**ብደሓን ምጹ!**

Höörs kommun

**ምኽሪ!** እዚ www.informationsverige.se ኣድራሻ ኢንተርነትዚ፤ ንዓኻ ኣብ ሽወደን ሓድሽ ዝኾንካ፤ ናይ ኢንተርነት መእተዊኻ መርሖ እዩ። ኣብዚ ብዙሕ ብዛዕባ ሕብረተሰብ ሽወደን ክተንብብ ኢኻ። ኩሉዚ ሓበሬታዚ ብብዙሕ ቋንቋታት ተቐሪቡ ኣሎ።